ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA
ቁጽሪ 5
ግንቦት 2020

## እዚ ሕብረተሰብ ከቢድ ሽከም ዩ ዘለዎ።

**ስእሊ ናይ'ዚ ኩነታት ዳርጋ ምሉእ ሕብረተሰብ ብናይ ኮሮና ቅልውላው ተጸልዩ ከም ዘሎ የርእየና።**

ባይቶ ናይ'ዚ ኣውራጃ  ሶሙናዊ ካብ ኮሙናት ሓበሬታ ይእክብ። ቀጺሉ ኣውራጃዊ ባይቶ ኣብ ኣውራጃ ካልማር ኩነታት ከመይ ከም ዝመስል ንምፍላጥ ኩነታዊ ስእሊ የዳሉ። ኩሉ ሓበሬታ ምስተኣከበ እዚ ሕብረተሰብ ብኸመይ ኣገባብ ተጸልዩ'ሎ ምርዳእ ይከኣል። ብተወሳኺ ኩነታት ንኽመሓየሽ ኩሎም ሓላፍነት ዝተሰከሙ ኣካላት እንታይ ይገብሩ ከም ዘለዉ ንርዳእ።

ዳርጋ ኩሉ ክፋላት ናይ'ዚ ሕብረተሰብ ብቅልውላው ኮሮና ይጽሎ ከም ዘሎ ናይ'ዚ ሰሙን ኩነታዊ ስእሊ የርእየና።

ብዙሓት ሰባት ንሶም ወይ ደቆም ስለዝሓመሙ ገዛ'ዮም ዝውዕሉ ዘለው። ብዙሓት ስራሕ ክኸዱ ኣብ ዘይክእልሉ እዋን ገንዘባዊ ሓገዝ'ውን የድልዮም።
ንትካላት ፍርያቶምን ኣገልግለቶምን ዝገዝኣሎም ምስዘይህሉ ዝኸበደ ይኸውን። ሰባት ስርሖም ክዕቅቡ ተዘይክኢሎምን ትካላት ከኣ እንተጠፊሸንን ሻቕሎትን ሽግርን ይፈጥር።

ኮሙናት'ውን ሻቕሎት ኣለዎም ምኽንያቱ  ካብ ትምህርቶም ቦኺሮም ንነዊሕ ግዜ ገዛ ኮፍ ዝብሉ ቆልዑ ጸገም ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ዝተወሰነ ገዛውቲ ቆልዑ ውሑሳት ኣይኮኑን። ሰባት ስርሖም ከሲሮም ገዛ ኮፍ ክብሉ እንተተገዲዶም ዓመጽን ኣልኮላዊ መስተ ምስታይን ከምዝብእስ ይፍለጥ።ኣብ ንቡር ኩነታት ቆልዑ ጽቡቕ ከም ዘለው መምሃራኖም ይዕዘብዎም'ዮም። ወለዲ ንቆልዑ ገዛ እንተሒዘሞም ግን ከቢድ'ዩ። ቆልዑ ብጌጋ ኣገባብ ከምዝተታሕዙ ወይ መግቢ ከምዘይወሃቦ እንተተፈሊጡ ወለዲ ሓገዝ መታን ክረኽቡ ከሕበር ኣለዎ። ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ንዕጻፋርስን ገበንን ንኸይቃልዑ'ውን ሻቕሎት ኣሎ። ትምህርቲ ምስዘይከዱ እቲ ስግኣት ዝዓበየ'ዩ።

ኮሙናት: ኣውራጃዊ ባይቶ:ዞባን ኩላቶም ሰበስልጣናት ናይ'ዚ ኣውራጃን ሓበሬታ ይህቡን ነንሓድሕዶም ይተሓጋገዙን። ነብሲ ወከፍ ሰብ'ውን ግድን ክተሓጋገዝ ኣለዎ። ምኽርታት ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን ብምኽባር ምሕጋዝ ይከኣል።

**ኢድና ንተሓጸብ! ኣብ ነንሕድሕድና ርሕቀትና ንሓሉ! ኣይንግሽ!**

Krissamverkan
Kalmar län

ኣብ ህጹጽ ኩነታታት ሓቢሮም ዝሰርሑ ኣካላት ኣውራጃ ካልማር ፤እዚ ምትሕብባር ኣብ ሞንጎ ኩለን ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ ፤ምምሕዳር ኣውራጃ ክልማር ፤ዞባ ካልማር፤ኩሎም ኣብዚ ኣውራጃ ዘለዉ ሰበስልጣናትን።

facebook.com/krissamverkan.kalmar
facebook.com/vastervikskommun

VÄSTERVIKS KOMMUN